# ሃገራዊ ሓድነት ማእከላውን ዲሞክራስያውን ዕላማና ኢዩ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
**23.02.2005**

ኤርትራ፡ ብባህላውን ቋንቋውን ሃይማኖታውን ኤትኒካውን ብዙሕነት እትልለ ሃገር ምዃና ኩሉ ዝኣምነሉን ዝቕበሎን ሓቂ ኢዩ። ብሰንኪ ሰንሰለታዊ ባዕዳዊ መግዛእቲ ብሓፈሻ፡ መግዛእታዊ ስርዓት ጣልያን ድማ ብፍላይ ዘተኣታተዎ ዘይተመጣጠነ ደራጃ ምዕባለ፡ ኣብ መንጎ ከበሳን መታሕትን፤ ኣብ መንጎ ገጠርን ከተማን ግሁድ ናይ መነባብሮን ኣገልግሎትን ፍልልያት ክርአ ምጽናሑ ውን ዝእመን ኢዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ባዕዳውያን ገዛእትን እንተላይ ስርዓት ኢሳያስ ድሕሪ ናጽነት እተኸተሎ ናይ "ገዛዚ'ዕካ ግዛእ" ስልትታት ኣብ መንጎ እተፈላለዩ ክፍልታት ህዝብናን ኣብ መንጎ እተፈላለዩ ሃይማኖታትን ናይ ሕድሕድ ምጥርጣር ዘርእታት ጸኒሖም ኢዮም። እዚ ግን፡ ብሳላ እቲ ን30 ዓመታት ካብ ምብራቕ ክሳዕ ምዕራብ፡ ካብ ሰሜን ክሳዕ ደቡብ ኤርትራ ዘሎ ህዝብና ዘካየዶ ሓባራዊ ፖለቲካውን ብረታውን ተጋድሎ ነንሓድሕዱ ክፉለጥን ጥርጣሬታቱ ክንክን ከምዘኽኣሎ ውን ክከሓድ ኣይክእልን ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ብሰንኪቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ዝተኸተሎ ግጉይ ፖሊሲታት፡ እዚ ክሃስስ ጀሚሩ ዝነበረ ጥርጣሬታት እንደገና ሱር ክሰድድን ክጋፉሕን ይርከብ ኣሎ።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ጠንቂ ናይዚ ሕጂ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ጸገማት እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሓደ ውልቀሰብ ዝመልኮ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምዃኑ ኢዩ ዝኣምን። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዲክታቶርነት ናይ ሓደ ብሄር ወይ ናይ ሓደ ሰልፊ ዲክታቶርነት ኣይኮነን በሃልቲ ኢና። ህዝቢ ኤርትራ ብመላኡ፡ ብዘይካቶም በጸብዕቲ ዝቖጸሩ መጋበርያታቱ፡ በዚ ስርዓት ናይ ሓደ ውልቀ-ሰብ ብድኽነት ብሕማም ብድንቁርና ክሳቐን ክስደድን ኣብ ዘይኣምነሉ ውግኣት ኣትዩ ክሃልቕን ክስንክልን ኢዩ ዝርአ ዘሎ። ኣባላት ሰራዊት ናይቲ ስርዓት ይኹን ኣባላት ናይቲ ኣሎ ተባሂሉ ዝዝረበሉ ግን ከኣ ዝኾነ ስልጣን ዘይብሉ ሰልፊ ህግዲፍ ውን ካብዚ ስቅያትዚ ሓራ ኣይኮኑን። ከም ሰቦም ብውግእ ክሃልቁ፡ ክስደዱ፡ ክምቁሖን ክፍትሖን፡ ክሽየሙን ክስዓሩን ኢዮም ዝርከቡ። ኤረ ኣባላት ሰራዊት ከኣሞ፡ ከም ባሮት ብዘይ ደሞዝ ንኸብጾም እናተገዝኡ፡ እቶም ውሑዳት ንኢሳያስ ቅርበት ዘለዎም መራሕቶምን ሰበ-ስልጣንን ኢዮም ብርሃጾምን ድኻሞምን ከጋይጹ ዝርኣዩ ዘለዉ። እቲ ኣብ ወጻኢ ይኹን ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣሎ ተባሂሉ ዝዝረበሉ ናይ ህግዲፍ ይኹን ናይ መንግስቲ ኤርትራ ገንዘብ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቊጽጻር ናይ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኢዩ ዘሎ። ኣብ ሽወደንን ኣብ ኣመሪካን ጠፊኡ እናተባህለ ዝዝረበሉ ዝነበረ ገንዘብ ድማ፡ ኣብ ወጻኢ ኣብ ዝርከብ ብሕታዊ ናይ ፕረሲደንት ኢሳያስ ናይ ባንክ ሕሳብ ክህሉ ከምዝኽእል ዘጠራጥር ኣይኮነን። ካብዚ ብምብጋስ፡ እቲ ግርጭት ኣብ መንጎ መላእ ህዝቢ ኤርትራን ኣብ መንጎ ዲክታቶርያዊ ስርዓትን ምዃኑ ንምግንዛብ ዘጸግም ኰይኑ ኣይስምዓናን።

ስለዚ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ኩሉ ዓይነት ሓሳረ መከራን፡ "ገዛዚ'ዕካ ግዛእ" ዝብል ዘይቅዱስ ፖሊሲታት ገዛእቲ ስርዓታት ዝፈጠሮ ምጥርጣራትን ክሃስስን ክበልን ዝኽእል፡ ሰብኣዊ መሰላት ዝኽበረሉን፥ ባህላውን ሃይማኖታውን ቋንቋውን ኤትኒካዊ ማዕርነትን ዝረጋገጸሉ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ብምትካልን፤ ኣብ ትሕቲ ሓድነት ህዝባን ሓድነት መሬታን ዝሓለወት ሃገረ ኤርትራ፥ ዝተመጣጠነ ደረጃ ምዕባለን ፍትሓዊ ኣገባብ ኣዘረጋግሓ ሃብትን ዘረጋግጽ ዘይምእኩል ምምሕዳር ብምትእትታውን ምዃኑ ይኣምን።

ተመኲሮ ሰውራና ከምዝምስክሮ፣ እቶም ዝሰፍሐ ደገፍ ናይ ህዝቢ ዝረኸቡ ውድባት፣ እቶም ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ክቃለስ ዝጽውዑ ዝነበሩ ውድባት ኢዮም። መላእ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ጽላል ተሓኤን ህግሓኤን ኰይኑ ስለእተቓለሰ ኢዩ ሃገራዊ ናጽነትና ክነረጋገጽ ዝኸኣልና። ሕጂ ውን፣ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ጽላል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክጥርነፍን ከጽልልን ክንገብሮ ምቹእ ኵነታትን ዕድልን ኣሎ። ነዚ ዕድልዚ ክንጥቀመሉ ዲና ኣይኰናን ግን መጻኢ መድረኽ ዝምልሶ ሕቶ ኢዩ።

ብቫልእ ሸነኽ ከኣ፣ ብስም ሓድነት ንፍልልያትና እናዓበጥና ወይ እናጋነና ዘይኰነስ፣ ብልዙብን ግሉጽን ወድዓውን ኣገባብ ካብ ስምዒታትን ጸርፍታትን ርሒቕና እናነጸርናን እናተዛረብናሎምን፤ ንፍልይ ዝበሉ ርእይቶታት እናኣኽበርናን እናተጻወርናን፤ ኣብቶም ካብ ፍልልያትና ዝበዝሑ ዘራኽቡና ናይ ሓባርን ናይ ቀረባን ዕላማታት ድማ፣ ሓደን ሓድነትን ኰይና ክንሰርሕ ክንክእል ኣሎና። መብዛሕትኦም እንፈላለየሎም ጕዳያት ድማ፣ ኣብ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ብድምጺ ህዝቢ ዝውሰኑን ዝመሓደሩን ጕዳያት ምዃኖም እምነት ነፍስወከፍ ዲሞክራስያዊ ኢየ ዝብል ውድብን ውልቀ-ሰብን ክኸውን ኣለዎ።

ስለዚ፣ ነፍስወከፍ ተቓዋሚ ውድብ፣ ነፍስወከፍ ሲቪካዊ ማሕበር፣ ነፍስወከፍ ኤርትራዊ መርበብ ሓበሬታ፣ ነፍስወከፍ ተቓዋሚ ዜጋ፣ ንሓድነት ናይ ተቓወምቲ ሓይልታት ዘደልድልን ንፍልልያቶም ዘጽብብን ብሓደ ሸነኽ፤ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ድማ ዘዳኽምን ዘውድቕን ግደ ብቫልእ ሸነኽ ከበርክት ክብገስ ክኽእል ኣለዎ። ብሓሳብ ድዩ ብጕልበት፣ ብገንዘብ ድዩ ብቫልእ ንጡፍ ተሳትፎ፣ ብምዕዶ ድዩ ብምርምር፣ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ተሳትፎ ከበርክት ኣለዎ። ከምዚ ምስ እንገብር ጥራ ኢዩ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብዝውሓደ መስዋእትን ብዝወሓደ ድኻምን ኣውዲቕና፣ ናብ መስርሕ ዲሞክራስያዊ ለውጥን ክንኣቱን ኣብ ጐደና ልምዓትን ብልጽግናን ርግኣትን ክንምርሽ እንኽእል። ብዘይ ሓድነት ክረጋገጽ ዝኽእል ለውጥን ክረጋገጽ ዝኽእል ብልጽግናን ርግኣትን የለን። ስለዚ ከኣዩ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ጕዳይ ሃገራዊ ሓድነት ማእከላውን ዲሞክራስያውን ዕ ላማ ኢዩ ኢሉ ዝኣምን።